# መምርሒ ብዛዕባ ኣገባብ መደብ ቪዛ DV - 2009

መደብ ዓመታዊ DV: ነቶም ዝጠለቦም ረቛሒታት ክማልኡ ዝኽእሉ ተሳተፍቲ ሰባት፡ ናይ ኩሉ ጊዜ ክትጥቀምሉ ዘኽእል ናይ ነባርነት ቪዛ ዝህብ ቀሊል፡ ግን ከኣ ጽኑዕን ብቁዑን ጠለባት ክተማልእ ዝሓትት እዩ። ቪዛታት ብኮምፒተር ዝፈጠሮ ዘይስሩዕ ናይ ሎቶሪ ሜላ እዩ ዝምረጽ። ኣብ ናይ 2009 DV እዘን ዝስዕባ ሃገራት ብቁዓት ኣይኮናን። ካናዳ፡ ቻይና(ቀንዲ ተወላዶ)፡ ኮሎምብያ፡ ሪፓብሊክ ዶመኒካን፡ ኤልሳቫዶር፡ ሃይቲ፡ ህንዲ፡ ጃማይካ፡ መክሲኮ፡ ፓኪስታን፡ ፍሊፒን፡ ሩስያ፡ደቡብ ኮርያ፡ ዓባይ ብሪጣንያ(ብዘይካ ሰሜን ኣየርላንድ)ን፡ ቬትናም፡ ኤኳዶር፡ ጉያየቴማላ፡

ኣብ ምውዳቕ ዕጫ(ሎቶሪ) DV 2009 ክሳተፉ ዝደልዩ ኣመልከትቲ፡ ጠለባቶም ካብ ረቡዕ፡ 3 ጥቅምቲ 2007 ክሳብ ሰንበት 2 ታሕሳስ 2007 ብመልእኽቲ ኤሌክትሮኒክ ክቕርቡ ኣለዎም። ኣቕረብቲ ጠለብ ብኤሌክትሮኒክ ኣብ ምውዳቕ ዕጫ(ሎቶሪ) DV 2009 ዝሳተፉ ኣመልከትቲ፡ ጠለባቶም፡ ካብ 3 ጥቅምቲ 2007 ክሳብ 02 ታሕሳስ 2007 ኣድላይ ቅጥዒታት ቪዛ ኣማሊኦም ብመንገዲ ኤሊክትሮኒክ ብኣድራሻ WWW.DVLOTTERY.STATE.GOV ካብ ዕለት 3 ጥቅምቲ ኣብ ውሽጢ'ዚ 60 ናይ ምዝገባ መዓልታት ክቕርቡ ይግባእ። ድሕርዚ ግዜዚ ዝቐርቡ ጠለባት ግን ተቀባልነት የብሎምን።

ናይ ዝኾነት ሃገር ዜጋ ማለት፣ እንኮላይ ኤርትራ። ብሓፈሻዊ ኣብሃህላ እቲ ኣመልካቲ እተወልደሉ ሃገር ማለት እዩ።

ኣመልካቲ፡ ነቲ መደብ DV ዝጠልቦ ረቋሒታት ትምህርትን ናይ ሞያ ስልጠናን ዘማልኤ ክኸውን ኣለዎ። ኣመልካቲ 12 ክፍሊ ዝበጽሐ ኮይኑ፣ ናይ 1ይን 2ይን ደረጃ ትምህርቱ ብዓወት ዝጨረሸ ክኸውን ኣለዎ። ወይ ከኣ ኣብ ዝሓለፉ 5 ዓመታት ናይ 2 ዓመት ናይቲ ብሞያ ዝሰልጠኖ ዓይነት ስራሕ ጭቡጥ ተሞክሮን ምስክርን ክህልዎ ይግባእ። ጨንፈር ዕዮ፡ ብ 0 * Net Online database ኣቢሉ ነዚ ተሞክሮ'ዚ ዝምልከት ጭቡጥ መረድኢ የቐርብ።

ኣመልከትቲ ነዚ ልዒሉ እተዘረዘረ ጠለባት ክማልኡ ዘይኽእሉ እንተድኣ ኮይኖም ግን፡ ናብዚ መደብ DV ዘሳትፍ ፎርም ክቕርቡ ይብሎምን።

ኣመልካቲ ጠለብ፡ ካብ ሓደ ናይ መሳተፊ ፎርም ንላዕሊ ብምምላእ እንተድኣ ኣቕሪቡ ግን፡ መን ክምዘቕረቦ ብዘየገድስ እቲ ዘቕረቦ ጠለብ መሳተፊ DV ቅቡል ኣይክኸውንን እዩ። ማለት ኣብቲ ዕጫ ኣይክሳተፍን። ኣመልከትቲ ጠለባቶም ባዕላቶም ክዳልውዎ፡ ወይ ከእ ካልእ ሰብ ኣብ ክንድኦም ክዳልወሎም ይክእል።

ጨንፈር ስቴት ዴፓርትመንት ነቲ ምልኣት ዘለዎ ናይ DV ቪዛ መእተዊ ፎርም ብመልእኽቲ ኤሌክትሮኒክ ብ WWW.DVLOTTERY.STATE.GOV ካብ ዕለት 3 ጥቅምቲ 2007 ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 60 ናይ ምዝገባ መዓልታት ጥራሕ ይቕበል።

ጨንፈር ስቴት ዴፓርትመንት፡ ናይቲ ዝለኣኽሉ ናይ DV ፎርም፡ ከም ዝተቀበሎ ዘረጋግጽ ጽሑፍ፡ ንኣመልከትቲ ብመንገዲ ኤሌትሮኒክ ብዝሰዶ መልእኽቲ ከፍልጦም እዩ።

ብደብዳቤ ዝስደድ ናይ መሳተፊ ጽሑፋት ተቀባልነት የብሉን።

እቲ ዝቀርብ ጠለብ ምስታፍ፣ ኩሉ ኣድላይ ዝኾነ ስእልታት ምስኡ ተተሓሒዙ እንተዘይቀሪቡ፣ ክግለፍ እዩ። ወቅታዊ(ናይ ሕጂ) ስእሊ ናይ ኣመልካትን ብዓልቲ ቤቱን ትሕቲ 21 ዓመት ዝኾኑ ደቁን። ከምኡ ክኣ ብዘይካቶም ኣቀዲሞም ኣብ ሃገረ ኣመሪካ ብዜግነት ወይ ሕጋዊ ነባርነት ዝርከቡ፣ ናይቶም ቀንዲ ውላዱን፣ ብሕጋዊ መንገዲ ብሞግዚትነት ዝሓዞም ሕጻናትን፣ ደቂ ጓሉ/ላ፣ ወይ ደቂ ወዱ/ዳ፣ ወላኳ እቲ ውላድ ምስ ኣመልካቲ ዝነበር ኮይኑ ብDV ክስደድ ድልየት እንተዘይሃልዎ፣ ናይ DV መእተዊ ቪዛ ፎርም ተመሊኡ ብመልእኽቲ ኤሌክትሮኒክ ክልኣኽ ኣለዎ። ነፍሲ ወከፍ ኣባል ስድራ ቤት ነናቱ ስእሊ ክቕርብ ይግባእ። ነፍሲ ወከፍ ኣመልካቲ፣ ሰብኣይ/ቲ፣ ከምኡ ክኣ ነፍሲ ወከፍ ሕጻን ኣብ ኮምፑተር ናይ ገዛእ ርእሱ መዝገብ ይህልዎ። እዚ መዝገብ'ዚ እቲ ኣብ ናይ EDV መእተዊ ፎርም ዝሰፈረ ኣሃዛዊ ስዕሊ ዘጠቓለለ መዝገብ ይኸውን። እዚ ሓሳባዊ መዝገብ'ዚ(ፋይል)፣ ሓዲሽ ዲጂታል ፎቶግራፍ ብምውሳድ ወይ ክኣ ብ ስካን፣ ፎቶግራፋዊ ሕትመት ተጠቂምካ ክራባሕ እዩ።
(ነዚ ብዝመልከት ኣብ Website Electronic photo (ዌብሳይት-ኤሌክትሮኒክ ፎቶ) ዘሎ መዐዘቢ ተመልከት)።

ኣመልከት'ቲ፣ ካብ ሞንጎ ኩሎም እቶም ኣቕሪብቲ ጠለብ ብዕጫ ብዘሃውሪ ክምረጹ እዮም። እቶም ዕውታት ኮይኖም እተመርጹ ክኣ ካብ ወርሒ ግንቦት ክሳብ ወርሒ ሓምለ 2008 ኣብ ዘሎ ጊዜ በመልእኽቲ ክንገሮም እዩ። እቲ ዘይተዓወተ ወይ ክኣ ዘይተመርጸ ሰብ ግን ዝዋሃቦ ዝኾነ ደኹን ሓበሬታ ወይ መልሲ የልቦን። ኤምባሲታትን ቆንስላትን ሕ.ሃ.ኣ. ንዕውታት ኣመልከትቲ ዝህባኦ ዝኾነ ሓበሬታ የልቦን።

<u>ሓበሬታ</u>፣ ኣብዚ ዓመታዊ መደባት DV ንምስታፍ ዝኽፈል ዝኾነ ደኹን ክፍሊት የልቦን። ሰራሕተኛታት መንግስቲ ሕ.ሃ.ኣ. ምስ ናይ ግዳም መሳለጥቲ - ኣማኸርቲ ወይ ወሃብቲ ኣገልግሎት ኮይኖም፣ ነዚ ናይ DV መደብ ክሳልጡ ኣይፍቀድን።
ብዘይ ኣፍልጦን ፍቃድን ሰብ መዚ መንግስቲ ሕ.ሃ.ኣ. ዝኾነ ደኹን ሞንጎኛ ወይ ዘይምልከቶ ሰብ፣ ነዚ ናይ DV መመልከቲ ፎርም ብዘይ ፍቃድ ኣቕራቢ ጠለብ ክመልእ ኣይፍቀድን። ኣመልካቲ ዝኾነ ናይ ደገ ሞንጎኛ ወይ ሓጋዚ ነዚ ናይ DV ፎርም ክመልኣሉ እንተደልዩ ድማ፣ ምሉእ ብምሉእ ናይቲ ኣመልካቲ ምርጫ ክኸውን ኣለዎ።
እቶም ኣቀዲሞም ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ኣብ ካልእ መደብ ምስዳድ፣ ዘመልከቱ ወይ እተመዝገቡ ሰባት'ውን ኣብዚ ናይ DV ቪዛ ጠለብ ክቕርቡ ይኽእሉ እዮም።

ሰብኣይን ሰበይትን፣ ነፍሲ ወከፎም ፎርም ክቕርቡ ይኽእሉ። እዚ ክኣ ነቲ ዘድሊ ረቛሒታት ከማልኡ ምስ ዝኽእሉ እዩ። ምናልባት ሓደ ካብ ክልቲኦም እንተተመረጸ ድማ፣ እቲ ካልኣይ ንተደራቢ ደረጃ ምርጫ ይሕጸ። ነፍሲ ወከፍ ኣመልካቲ፣ ኣብ ግዜ ምዝገባ DV፣ ሓደ ናይ መሳተፊ ፎርም ጥራሕ ይመልእ። እቶም ካብ ሓደ ፎርም ጠለብ ንላዕሊ ዝመልኡ ግን ዘይብቑዓት ኮይኖም ይተርፉ (ኣይቅበሉላትን እዮም)።

# ድሕሪ ዕውት ናይ (DV) ቆጸራ ዘድሊ መግለጺ

ዕውት ናይ ቪዛ (DV) ኮይንካ ምምራጽካ ናይ ግድን ቪዛ ትረክብ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣብቲ ንቪዛ ዝግበር ቃለመሕተት ንሸኻ ነቲ ናይ ዲቪ መለኪዒታት ጎኒ ጎኒ ሕግታት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝኸይድ ነጥብታት ተማልእ ዲኻ ወይስ ዘይተማልእ ወይውን ትብቅዕ ዲኻ ወይ ዘይትበቅ እቲ ቆንስላዊ ጸሓፊ ይውስን።

ምምልካት ዲቪን ቃለ መሕተትን ኣብ ቤት/ጽሕፈት ቆንስል ኤምባሲ ሕቡራት መንግስታት ኤሜሪካ ኣብ ኣስመራ ዝካየድ ኮይኑ፣ ኣመልካቲ ናቱን ወይ መጻምድቱን ደቁን (ኣብቲ ናይ ቪዛ ምምልካት እቱዋት ምስ ዝኾኑ) ፓስፖርት ክህልዎም ይግባእ። ኣዝዮም ናእሽቱ ህጻናት ዉን ኣብ ናይ ወላዲኦም ወይዉን ወላዲቶም ፖስፖርት ክምዝገቡ ይክኣል።

ዝተሓተ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ንኤርትራዉያን ተማሃሮ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተማሃሩን ድማ 12 ክፍሊ ዝወደኣ/ኣት ኮይኑ፣

ኣብ ሃገራዊ ናይ ክልኣይ ደረጃ መልቀቂ ፈተና ማለት ማቲሪክ ዝሓለፉን ብዉሑድ 5 ግረድ ዘለዎ ክኸዉን ይግባእ።

ምናልባት ኣመልካቲ ንሃገራዊ ናይ ካልኣይ ደረጃ መልቀቂ ፈተና ምስ ዘይሓልፍ ብናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ጨንፈር ሞያዊ ክፍሊ ዝሰማማዕ ሞያ ክህልዎ ይግባእ። እንተኾነ መብዛሕቶኦም በዚ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝፍለጡ ሞያዊ ሰራሓት ናይ ኣሜሪካ የኒቨርስቲ ዲግሪ ዝሓቱ ኢዮም። ስለዚ በዚ ዓይነት ሞያ ንዲቪ ዝዕወቱ ሰባት ኣዝዮም ዉሑዳት ኢዮም።

ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሱ መለኪዒታት ምስ ዘይትማላእ/ኢ ንዲቪ ኣይትብቅዕን ወይ ዉን ኣይትበቅዒን ስለዚ ናይ ምምልካት ሓሳብ ምቕያር ይምረጽ።

ንምምልካት ዲቪ ዘይተመላሲ $ 755.00 ዶላር ኣሜሪካ ክትከፍል ይግባእ። ምናልባት ንቪዛ ዘይትበቅዕ እንተድኣ ኮይንካ እቲ ጥረ-ገንዘብ ናጣኻ ተመላሲ ኣይከዉንን። ኣከፋፍላ ድማ ብናቕፋ ወይ ዉን ብዶላር ይኸዉን።

ኣመልካቲ እኹል ታሪኻዊ ሓበሬታ ናቱን ወይ ዉን ናይ መጻምድቱን ደቁን ምስ ዘይመልእ፣ ኤምባሲ ኣሜሪካ ኣብ እዋን ቃለ መሕተት ክምዘይትብቅዕ ብኣጉኡ ክሕብር ይኽእል።

ኣመልካቲ/ቲ ንቪዛ ምምልካት ክሕግዝዎ ዝኽእሉ ፋይናንሲያዊ ምንጭታት ክህልዉም ይግባእ። ኣመልካቲ ብኽብረቱ/ታ ኩሉ ናይ ጽሑፍ መረጋገጽታት፣ ናይ ዋንነት ንብረት ናይ ባንኪ ወረቓቕቲ ጭብጥታትን ካልእ ሓገዝቲ ዝብሎም መረጋገጺታት ሒዙ/ዛ ክመጽእ ወይ ክትመጽእ ይግባእ። ኣመልካቲ ብዝተኻእሎ መጠን ነቲ ናይ ቆንስላዊ ጸሓፊ ኣብ እዋን ቃለ-መሕተት ኩሉ እቲ ፍይናንሲያዊ ምንጭታትካ/ኪ ናብ ዶላር ኣሜሪካ ክቕየር ዘኽእሉን ናብ ሕቡራት መንግስታት ክኸይዶ ዘኽእሎ ሕጋዉነት ክተብራሃሉ ወይ ክብርሃሉ ይግባእ። ናብራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ክቢድ ብምዃኑ ንቪዛ ክትብቅዕ እንተድኣ ኮይንካ ንዓኻን ንስድራ ቤትካን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ክንብር ዘኽእለካ ፋይናንሳዊ ምንጪ ክህልወካ ኣለዎ።

ዝወሓደ ናይ ቪዛ መለኪዒታት ዘይተማልእ እንተደኣ ኮይንካ፣ ንቪዛ ኣይትብቅዕን፣ ስለዚ ዘይትብቅዕ ካብ ኮንካ ጊዜኻን ገንዘብካን ዘይምጥፋእ ይሓይሽ።

ኣመልከቲ ናይ ሓሶት ጽሑፋትን ወረቓቕትን ምስ ናይ ቪዛ መመልከቲ ወረቓቕቲ ምስ ዘሰንይ

4. ናይ ቪዛ ሕቶ ይንጸግ።
5. ወይ ዉን ኸኩሉ ጊዜ ድሕሪ ሕጂ ንናይ ዝኾነ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ሕቶ ቪዛ ዘይምልከተካ ትኸዉን።
6. ኣብ ሕጊ ቀሪብካ ዝግባኣካ መቕጻዕቲ ክትወስድ ትኽእል።

እዋናት ንዲቪ 2009 ቃለ መሕተትን ቪዛታትን ምዕዳል ኣብ ሞንጎ ጥቅምቲ 1 2008 ን መስከረም 30 2009 ክኸዉን ተመዲቡ ኣሎ። ንቪዛ ክተብቅዕ ናይ ግድን ብቃለ-መሕተት ምሕላፍ የድሊ። እዚ ድማ ቅድሚ 30 መስከረም 2009 ይኸዉን። ድሕሪ'ዚ ዕለት፣ ቆንስላዊ ቤ/ጽሕፈት ንናይ ዲቪ 2009 ዛዕባታት ዕጽዉ ይኸዉን።

ሕቶታትኩም ብዛዕባ ኣገባባት ምምልካት ቪዛ ምስ ዝህሉ ቆንስላዊ ቤ/ጽሕፈት ብቴሌፎን 120004 ካብ ሶንይ ክሳብ ሓሙስ ካብ ሰዓታት 2 ድ.ቅ - 6 ድ.ቀ ክተቅርቡ ትኽእሉ ቆንስላዊ ቤ/ጽሕፈት ንሕቶታትኩም ንምምላስ ድሉዉ እዩ።